Tewahdo.org cyber ministry

# ስርዓተ ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን

ሕዳር 3ይ ሰንበት (ግእዝ)

**ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ኣስተምህሮ፤ ካብ ሕዳር 6 - ታሕሳስ 13 ግእዝ)**

1ይ ንፍቅ ዲያቆን:- ቆለ 1፣ 12 - 29 (Colossians)
2ይ ዲያቆን:- 1ይ ጴጥ 1፣ 13-21 (1st Peter)
2ይ ካህን:- ግብ 19፣21-41 (Acts)
1ይ ካህን:- ዮሓ 5፡16-28 (John)


**መዝሙር ዳዊት፡-** ኩሎ ዘፈቀደ ገብረ እግዚኣብሔር፣
በሰማይኒ ወበምድርኒ፣
በባህርኒ ወበኵሉ ቀላያት። መዝ 134፡6

**ቅዳሴ፡-** ቅ. ኣትናቴዎስ
**ያሬዳዊ መዝሙር፡-** ሎቱ ስብሓት ወሎቱ ኣኮቴት ለዘቀደሳ ለሰንበት (ንሰንበት ዝቐደሰ ንዕኡ ፍጹም ምስጋና ይግባእ)

**መዝሙር ዳዊት፡-** እግዚኣብሔር ኣብ ሰማይን ምድርን፣ ኣብ ባሕርን መዓሙቕን ዝደለዮ ዘበለ ይገብር እዩ። መዝ 135፡6

"Whatsoever the Lord pleased, [that] did he in heaven, and in earth, in the seas, and all deep places." Psalms 135:6

## ኩሉ ብእኡን ንዕኡን እዩ ዝተፈጥረ (ቆለ 1፡16)



ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆላስዩስ ኣብ ዝለኣኾ፡ ሎሚ ኣብ ቅዳሴ ዝንበብ መልእኽቲ፡ ኩሉ ነገር ብሥልጣን፡ ቃልን ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝተፈጥረ፤ ኣብ ሰማይ ዘሎዉ ክቡራትን ግሩማትን መላእኽትን ሊቃነ መላእኽትን ብእኡ ስለዝተፈጥሩ፡ ፍግም ኢሎም ሰጊዶም ዝግዝእዎ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ዚመልኽ ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ምዃኑ የስተምህረና።

ኣብቲ ናይ ሎሚ ዕለት ወንጌልውን ክርስቶስ በለ፡ ኣቦይ ክሳብ ሕጂ ይሰርሕ ኣሎ፡ ኣነውን ከምኡ፤ ንፍጥረት ኩሉዓለም በብእዋኑ ዝምግብ፡ ንህይወት ዘለዎን ግኡዝን ሕጉን ስርዓቱን ሓልዩ ንኽቕጽል ዝገብር ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ስግር ኢሉውን "ወኵሉ ቦቱ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ ኣልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ" ኩሉ ብእኡ ኮነ፡ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ብዘይብኣኡ ዝኾነ የልቦን። (1፡3)።

እምበኣር ከም ክርስትያናት ካብዚ ደረት ዘይብሉ ሥልጣን ኣምላኽ ዘስተምህር ቃል እንታይ ንመሃር? ክርስቶስ፡ ወልደ እግዚኣብሔር ፈጣሪ ኩሉ ዝርእን ዘይርእን ፍጥረት ጥራሕ ኣይኮነን። ብምኽንያት ሓጢኣት ኣዳምን ደቁን (ንሕናውን) ኣብ ትሕቲ ሞትን መርገምን ንኣሽሓት ዓመታት ንዝነበርና ሕዝብን ኣሕዛብንውን ኣብ መስቀል ብሙማት፡ ከምብሓድሽ ካልኣይ ፍጥረት (ልደት) ሂቡና እዩ። እዚ ኩሉ ድማ ንሕና ንኽብሩን ንውዳሴኡን ምእንቲ ክንቀውም ኢሉ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጥረት ዚመልኽ፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዝደለዮ ዝገብር እግዚኣብሔር ምስጋና ይኹኖ። እሜን።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፤ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።